# መልሲ ድሮ መጺኡ’ሎ

**መን እዩ እግዚኣብሄር?**

ብቐዳምነት ናብ መን ንጽሊ ከምዘሎናን ምላሽ ንኹሉ ሕቶና ሒዙ ዘሎን እግዚኣብሄር ብገለ ክፋሉ ከላልየኩም። ከመይሲ ይትረፍዶ እዛ ሓንቲ ገጽ ወረቐት መጽሓፍ ቅዱስና ገሊጹ ኣይወድኦን። ብድቁስና ኸሎና ህርመት ልብና ዝሕሉ፣ ደም ከም ዝብግባእ ካብ ልቢ ናብ ኣካላት ካብ ኣካላት ናብ ልቢ ክውሕዝ ዝገብር፣ ሙቐት ኣካላትና ንሕና ከይተቖጻጸርናዮ ኣይንረስን ኣይንዝሕል! ንሱ ንኹሉ ከከም ዘድልዮ ዝገብር፤

እግዚኣብሄር ኣበይ መንበሪኡ? ኣበይከ ኣድራሻኡ? ኣበይ ኢና እንርኽቦ? ብኸመይከ ኢና እረኽቦ? ንሱ ዘልኣለማዊ እዩ። ንሱ ኣብ ዘልኣለምነት ይነብር ንሕና ግና ኣብ ጊዜ ኢና ተሓጺርና ንነብር።

እስከ ዘልኣለምነት እንታይ ከምዝኾነ ክንዘርዝሮ ንፈትን ።ብርግጽ ንሕና ደቂሰባት ብጊዜ እተሓጸርና ስለዝኾናን ዘልኣለምነት ክርድኣና ንሽገር ኢና። እዚ ኣእምሮና ውልድ ክንብል ኣትሒዙ ሰከንድታት ደቓይቐ ሰዓታት መዓልትትታት ኣዋርሕን ዓመታትን ክቖጽር ጀሚሩ ነዚ እዩ ዕለት ልደት ዘሎና።  ጊዜ ውላድ ዘልኣለምነት እዩ። ንኣብነት ኣብ ራእይ 13፡8 “ “ እቲ ገንሸል ቅድሚ ምስራት ዓለም ተሐሪዱ “ ዝብል ቃል ኣሎና። ጎይታ ካም እንፈልጦ ቅድሚ 2000 ዓመት ከም ተሰቒሉ ዝሞተ እዩ። ይኹን ድኣ ኣምበር እግዚኣብሄር ኣብ ዘልኣለምነት ከም ዝነብር ንመወዳእታ ካብ መጀመርታ ከምዝፈልጦ ኣብ ሓሳቡ ድማ ኩሉ ከም እተወድኣ እዩ። ዘልኣለምነት ንጊዜ ፈጢርዎ። እቲ ብጹእ ነቲ መሬታዊ ፈጢርዎ። እቲ መለኮታዊ ናቲ ምድራዊ ወይ ዓለማዊ ፈጢርዎ። ኣብ ዘልኣለምነት ኣድራሻ ዝብሃል የለን። ዘልኣለምነት ጅኦግራፊ ዝብሃል የብሉን። ዘልኣለምነት ብጊዜ ኣይድረትን ኣይሕጸርን።

ጊዜ ኣብ ዘልኣለምነት ተጠቒሊሉ ይርከብ። ጊዜ ድማ ብእግዚኣብሄር እዩ ተፈጢሩ። ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኣውጽኣሉ ነቲ ጸልማት ከኣ ለይቲ ኣውጽኣሉ’ሞ ምሸት ኮነ ብጊሓት ኮነ ሓንቲ መዓልቲ። (ዘፍጥረት 1፡5) ንሱ ግና ንጊዜ ፈጢሩ እምበር ብጊዜን ብቦታን ኣይሕጸርን ኣይምለኽን ድማ እዩ። ፈጺሙ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጊዜ ኣይኮነን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣይትካእ ኣይልወጥ ኣይኣርግ ኣይመውት። ሰብ ጊዜ ስለዝተቖጻጸሮ ዕድመ ኣለዎ መጀመርታ ኣለዎ መወዳእታ ኣለዎ። ምዓልቲ ምላድ ኣለዎ ምዓልቲ ሞት ድማ ኣለዎ።

ንሱ እግዚኣብሄር ብመጀመርያ ነበረ፤ ቅድሚ እታ ቀዳመይቲ ምዓልቲ ምንባራ ንሱ ነይሩ። ዓውደ ኣዋርሕ ከይተጀመረ እታ ቀዳመይቲ ሰከንድ ደቒቕ ሰዓት መዓልቲ ሓደ ኢላ ምጅማራ ንሱ ነይሩ። ሰኑይ ሰሉስ ሮቡዕ መስከረም ጥቅምቲ ሕዳር ኢልካ ቅድሚ ምቑጻር ምጅማር ንሱ ነይሩ። ቅድሚ ጸሓይ ምብራቓን ምዕራባን ወርሒ ቅድሚ ምቕልቃላ ንሱ ነይሩን ኣሎን። ቅድሚ መላእኽቲ ምንባሮም ነይሩን ኣሎን። እግዚኣብሄር ንሱ በይኑ ካልእ ቅድሚኡ ይኹን ድሕሪኡ ኣብ ጎድኑ ይኹን ካልእ ዋላ ሓደ የለን ኣይነበረን።  ዳዊት “ ንስኻ ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ኣምላኽ ኢኻ ኤልዎ! ንስኻ ቅድሚ ኩሉ ፍጥረት ኔርካ ማለቱ እዩ። ነዚ እዩ ንፍጥረት ምምላኽ ዘየድልየና ከመይሲ ነቲ ፈጣሪ እንተፈሊጥናዮ ንፍጡር እነምልኸሉን እንልምነሉን ምኽንያት የብልናን።

ምስጢር ዘልኣለምነት ከምዝግባእ እንተዘይተረዲኡና ድማ ብዛዕባ ጸሎትን መልሱን ኩሉ እዋን እናተዳናገረና ክነብር ኢና።  ሓደ ነገር ንዘክር እግዚኣብሄር ጊዜ ስለዝይቆጻጸሮ ኣይህወኽ ኣይቅልጥፍ ኣይድንጉ። ጊዜ ዝመልኮን ዝቆጻጸሮን ኩሉ ፍጥረት ጊዜ ስለዝኸዶን ስለዝሓጽሮን ዝቆጻጸሮን ይህወኽ። እግዚኣብሄር ግና እዚ ኹሉ ስለዘይምልከቶ ምላሽ ንጸሎትና ድሮ ሒዝዎ ኣሎ። ንዓና ብግዜ እተሓጸርና እዩ ነዊሑና ዘሎ እምበር መልሲ ድሮ መጺኡ ኣሎ። ጋህዲ ምላሽና ኣብ ኢድና ክሳብ ዝኣቱ ብምስጋና ኣብ ቅድሚኡ ንጽናሕ!